## ኣቦ መንበር ተ.ሓ.ኤ. ሰውራዊ ባይቶ ተጋዳላይ ስዩም ዑ/ሚካኤል ኣብ ከተማ ኦክላንድ ናይ ኤርትራውያን ኣኼባ ብ9 ሓምለ 2005 ዓ.ም. ኣካይዱ።

ተጋዳላይ ስዩም ካብ ጨናፍር ተሓ.ኤ-ሰ.ባ በይ-አርያ ዝተገብረሉ ዕድመ ኣኽቢሩ፥ ኣብ ኦክላንድ ሽዱሽተ ሰዓት ዝወሰደ ብሕቶታትን ርእይቶታትን ዝሃብተመ ሰፊሕን ዓሚቕን ሓባራዊ ልዝብ ኣካይዱ።

ኣብቲ ኣኼባ ዝተሳተፉ ካብ ከተማታት በይ-አርያ፤ ኦክላንድ፥ ሳንፍራንሲስኮ፥ ሞደሽቶ፥ ሳንታሮዛ፥ ሳንሆዘ፥ ሳክራመንቶ ዝመጹ ኣባላት ውድብን ናይ ካልኦት ውድባትን ከምኡውን ግዱሳት ሃገራውያንን ዘጠቓለለ ኔሩ። መብዝሕትኦም ተሳተፍቲ ኣኼባ፥ ኣብ መዋእል ተጋድሎና ንናጽነት፥ ኣብ ውድባት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ህዝባዊ ግንባርን ተሰሊፎም ዝተቓለሱን፥ ንኹነታት ሃገርናን ህዝብናን ቃልስታቱን ብደቂቕ ዝከታተሉን ተራኦም ዘበርክቱን ብምዃኖም፥ እቲ ዝተኻየደ ክትዕን ምይይጥን፥ ብደረጃ ዝለዓለ ትሕዝቶ፥ ንሕሉፍ ታሪኽናን ኣተሃላልዋናን ብቑዕ ኣረዳድኣ ዝወነነን፥ ንኣብ መጻኢ ክምዕብል ዝኽእል ኩነታት ብስትራተጂ ዝጥምትን ዝድህስስን እዩ ነይሩ።

ኣቦ መንበር ኣብ መግለጺኡ ዘተኰረሉ ጉዳያት (ኣጀንዳ)፡

1. ኣመጻጽኣ ሕብረተ ሰብናን ኣቋቕምኡን ታሪኻዊ ጉዕዞኡን፥ ኣብ ህልዊ ኩነታት ዘለዎ ጽልዋን፡
2. ሚዛን ተ.ሓ.ኤ-ሰ.ባ ኣብ ህልዊ ኩነታት ሃገርን፤ ባህርን ፖሊሲን ናይ ዘሎ ዲክታተርያዊ ግዝኣት፡
3. ደምበ ተቓውሞን ምዕዋት ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳንን ዝጠልቦ ህዝባዊ ደገፍን ህያው ተደላይነቱን።
4. ራእይ ተ.ሓ.ኤ-ሰ.ባ. ብዛዕባ መጻኢት ኢርትራን ናይ ዓወት ስትራተጅኡን፡
5. ንክስተት ዲሞክራስያዊ መድረኽ፥ ክረጋገጽ ዘለዎ ኩሉ መዳያዊ ውሕስነታት፡
6. ሕቶ ሰላምን ምርግጋእን፤ ከምኡውን ጉዳይ ዶብ ናይ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡፡

ብተሳተፍቲ ሰሚናር ንኽትዕ ዝቐረበ ሓሳባትን ሕቶታትን ኣብ ከባቢ ዝስዕብ ጉዳያት ክጽሞቕ ዝከኣል እዩ።

1. መጻኢ ተራን ዕድልን ናይ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ብመንጽር ሕሉፍ ተመኩሮን መጻኢ ብድሆታትን፡
2. ናይ ህዝቢ ናይ ሱታፌ ሕጽረት፥ ብፍላይ ድማ ሱታፌ ደቀ ኣንስትዮን መንእሰያትን፥ ዝጠልቦ ፍታሓትን፡
3. ኪዳን ምስ ጎረባብቲ ሃገራት መንግስታት ዘለዎ ዝምድናን ጥንቃቐ ኣተሓሕዛን፡
4. ተቓውሞ ሓይልታት፥ ኣገባብን ደረጃ ኣቀላልስኡን ንምምዕባል፥ ቀጠባዊ ርእሰ-ሙርኮሳ፥ ንዘለዎ ወሳኒ ተራ ብምግንዛብ ከተኩረሉ ዘለዎ ኩርናዕ ምዃኑ፡
5. ቦኾቢኹ ዘሎ ስርዓት ዲክታቶር፥ ብውሽጣውን ግዳማውን ድፍኢታት ሃንደበት እንተወደቐ፥ ንዝፍጠር ናይ ምምራሕ ባዶነት ብኸመይ ይእለ፡

6. ካብ ዲክታቶርያዊ ጭቁና ንኽምልጥ፥ ሃገር ራሕሪሖ ዝውሕዝ ዘሎ መንእሰይ፥ ክግበረሉ ዘለዎ ኣተኣላልያን ፍታሕን፡፡

ተሳተፍቲ ሰሚናር ኤ.ዲ.ኪ. ንኽዕወት ዘለዎም እምነት ብምንጻር፥ ናይ ምሕዝነት ተሞክሮ ንኽይድገም ንዘልዓልዎ ስክፍታ፡ ተጋዳላይ ስዩም፥ ውድብ ተ.ሓ.ኤ ሰ.ባ. ከምቲ ኣብ ምቛም ኪዳን ተርኡ ዝተጻወተ ኣብ ምዕዋቱውን ዕቱብ ግዲኡ ክጻወት ምዃኑ ዘራጋግጽ መልሲ ብምሃብ፤ ኪዳን ክዕወት ምዃኑ ዘለዎ እምነት ገሊጹ። ኪዳን ክድልድልን ኣብ መንፈስ ቻርተሩ ጸኒዑ ክጕዓዝን፥ ናይ ዜጋታት ሰፊሕ ተሳትፎን ምቍጽጻርን ስለዝኾነ ዋሕስነቱ፥ ተሳትፎ ህዝቢ ክዓዝዝ ኣማሕጺኑ፡፡

ኪዳን ምስ ጎረባብቲ ሃገራት መንግስታት ዘለዎ ዝምድና ብዝምልከት፥ ኣቦ መንበር፥ ቻርተርና ከምዝንጽሮ ሓባራዊ ረብሓ ናይ ህዝብታትና ዘዕቍብ፥ ናይ ዞናና ሰላምን ርግኣትን ዘረጋግጽ፥ ኣብ ሕድሕድ ውሽጣዊ ጉዳያት ኢድ ናይ ዘይምትእትታው ፖሊሲ ምኽታልን ኰይኑ፥ ጸኒዑ ክቕጽል ድማ ብቕዳምነት ነብስና ኣብ ምትእምማን ኣኽበርቱን ዋሕስነቱን ባዕልና ክንከውን ኣለና ኢሉ።

ክፍሊ ዜና
ተሓ.ኤ-ሰ.ባ ምዕራባዊ ዞባ ሕ.መ.ኣ.